# ጋዜጣዊ መግለጺ

## ውጽኢት ርክብ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ
17.07.2009

ብሰንኪ ተግባራት መላኺ ስርዓት ኤርትራ እናበኣሰ ዝኸይድ ዘሎ ሓደገኛ ኩነታትን፣ ነዚ ኢሰብኣዊ በደላት ወጊድካ ፍትሕን ምርግጋእን ንምስፋንን፣ ኣብ ልዕሊ ነፍስወከፍ ዜጋ ብሓፈሻ፡ ኣብ ልዕሊ ፖለቲካዊ ውድባት ተቓውሞ ድማ ብፍላይ ተነቢሩ ዘሎ ሓላፍነት ብምግንዛብ ብሓደ ሸነኽ፤ ንህዝብና ርጉእን ምእምኡን ህይወት ንምውሓስን ካብ ሰልሚ ውሽጣዊ ቍርቍሳትን ናዕብን ንምድሓንን ድማ ብኻልእ ሸነኽ፣ ዓቕምታትና፡ ራእይታትናን መርገጻትናን ኣብ ክሊ ሓባራዊ መደብ ዕዮ ምጥርናፍን ምውህሃድን ዕዙዝ ኣድላዪነት ከምዘለዎ ንኣምን።

ካብ'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣገደስቲ ጉዳያት ብምንቃል፡ ብዕለት 17 ሓምለ 2009 ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ተቓወምቲ ውድባት ኣብ ከተማ ኣዲስ-ኣበባ ናይ ሓሳብ ንሓሳብ ምልውዋጥ ርክብ ተኻይዱ። እተን ኣብዚ ዘተ ዝተረኽባ ውድባት ድማ፡ እዘን ዝስዕባ እየን፡-

1. ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
2. ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ
3. ኤርትራዊ እስላማዊ ጉባኤ
4. ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ
5. ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ

ኣብዚ ዝተጠቕሰ ርክብ'ዚ፡ ምቹእ ባይታ ንምፍጣርን ጻዕርታትና ናብ ሓፈሻዊ ሃገራዊ ዕላማታት ንምጽማድን ዝሕግዙ፡ ኣገደስትን እዋናውን ናይ ኣርኣእያ ሓድነት ዝጠልቡ ጕዳያት ተላዕሊሎም፡ ጠቓሚ ዝርርብ ድማ ተኻይድሎም።

ገለ ካብቶም ዓሚቕ ምይይጣት ድሕሪ ምክያድ ኣብ ሓባራዊ መረዳእታ ዝተበጽሓሎም ጉዳያት ከኣ፡ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡-

**ቀዳማይ፡ ህልዊ ውሽጣዊ ኩነታት ኤርትራ፡-**

ኣብዚ መዳይ'ዚ ብዝምልከት፡ ተዛተይቲ ወገናት፡ ብሰንኪ'ቲ ንኹሉ መሰረታዊ ሰብኣዊ ክብርታት ዝግህስን፣ ንፍትሕን ስርዓት-ሕግን ዝጥሕስን ተግባራት ፍንፉን ስርዓት ህግደፍ፣ ህዝቢ ኤርትራ ዘሕልፎ ዘሎ ፖለቲካዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን መዳያት ጭቆናን ሓሳረ-መከራን ብደቂቕ ተመልኪቶም። ከምኡ ውን፡ ስርዓት ህግደፍ ኣብ መንጎ ህዝብና ግርጭታት ንምብልላሕን ቅርሕንቲ ንምዝራእን ዘካይዶ ዘሎ ናይ ሰፈራ መደባትን ደሞግራፊካዊ ምቅይያራትን ብዕምቈት ድሕሪ ምግምጋም፣ እዚ ሓደገኛ ፖሊሲ'ዚ፡ ንጉዳይ ሃገራዊ ሓድነት ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ምኻኑ ርእዮም።

ነዚ ሓደገኛ ተርእዮ'ዚ ንምግታእ፡ ኩሎም ተዛተይቲ ወገናት ኣብ ልዕሊኦም ተነቢሩ ዘሎ ሓላፍነት ብምግንዛብ፤ ንህዝብና ካብዚ ኣትይዎ ዘሎ ሰልሚ ምሉእ-ብምሉእ ንምልቃቕ፡ ኩሉ ዝከኣልን ቅቡልን ዝኾነ ኣገባባት ቃልሲ ተጠቒሞም ክረባረቡ፣ ሓድነት ህዝብን ፖለቲካውያን ሓይልታቱን ንምርግጋጽ ክጽዕሩ፣ ንጉዳይ ሃገራዊ ሓድነት ዝዝርጉ

*ተግባራት ክምክቱን፣ ኣብ መንጎ ህዝብና ሕድሕድ ምትእምማንን ብሰላም ተሓቛቑፍካ ናይ ምንባርን ምትሕብባርን ባህሊ ንምስፋን ኣበርቲዖም ክቃለሱን ከምዝግባእ ኣብ ሓባራዊ መረዳእታ በጺሖም።*

***ካልኣይ፡ ምንጥጣፍ ሓይሊ ተቓውሞ፡-***

*ሎሚ ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ደገ ዝርከብ ህዝብና ዘሕልፎ ዘሎ ኩሉ መዳያዊ ሕሰምን መከራን፣ ብስሩዕን ሓያልን ተቓውሞ ክትገጥሞን ክትምክቶን ዝጠልብ፡ ይጽንሓለይ ዘይበሃለሉ ጉዳይ'ዩ። ኣብ'ዚ፡ ናይ ህዝብና ስቅያት ግቡእ ቆላሕታ ዘይረኸበሉ ዘሎ ህልዊ ፖለቲካውን ጸጥታውን ኩነታት ዓለምናን፡ ድሩት ዓቕምታትናን፡ እተበታተነ ደምበ ተቓውሞ ንቕድሚት ክስጉም ኣይክእልን ኢዩ። ስለዝኾነ ከኣ፡ ደምበ ተቓውሞ ክድልድል፤ ተራ ናይ'ቲ ብዙሓት ውድባት ሓቑፉ ዘሎ ጽላል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ክዓቢ፡ ፖለቲካዊ መልእኽቱ ክምዕብል፡ ትካላት ክሃንጽን ኣገባብ ኣቀላልሳኡ ከሐድስን ኣድላዪነቱ ዕዙዝ ምዃኑ ርእዩ። በዚ ኣቢሉ ድማ፡ ኣብ ህዝብና ናይ ዓወት ተስፋ ዝሰኮዕ፡ ናይ ወጻኢ ውድባትን ሰልፍታትን መንግስታትን ኣብ ጐድንና ደው ክብሉ ዝድርኽ፡ ኩነታት ንምፍጣር ኣበርቲዕና ክንቃለስ ከምዝግባእ ኣብ ሓባራዊ ምርድዳእ ተበጺሑ። ምስዚ ብምትሕሓዝ፡ እቶም ተዛተይቲ ወገናት፡ ኵሉ ዓቕምታት ህዝብናን ፖለቲካዊ ሓይልታቱን ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ንምጽማድ፡ እቲ መደብ ተታሒዝሉ ዘሎ ሃገራዊ ዋዕላ ምክያድ ዕዙዝ ኣገዳስነት ከምዘለዎ ኣረጋጊጾም።*

***ሳልሳይ፡- ሓባራዊ ዝምድናታት፡-***

*እዚ፡ ኣብ መንጎ ዝተጠቕሱ ተዛተይቲ ውድባት ዝተኻየደ፡ ናይ ምርድዳእን ምትሕብባርን ዝምድናታት ዝማእከሉ ርክብ፡ ህልዊ ኵነታትን ናይ ህዝብና ትጽቢታትን ባህግታትን ዝደረኾ ኢዩ ነይሩ። ህዝብና፡ ማዕረ'ቲ ፖለቲካውን ማሕበራውን ሞራላውን ብድሆታት ክብ ክንብል ይጽበየና ኣሎ። ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ እቶም ተዛተይቲ ወገናት፡ ኣብ መንጎኦም ተጀሚሩ ዘሎ ልዝብን ምርድዳእን ምውህሃድን ክቕጽልን ኣብ መንጎኦም ዘሎ ፍልልያት ንምጽባብ ጻዕርታት ክካየድ ከምዝግባእን ድሕሪ ምርኣይ፤ ኣብ ዜግነት ዝተሰረተ፡ ናይ ኵሉ ክፍልታት ህዝብና መሰል ፖለቲካዊ ተሳታፍነት ዘረጋግጽ፣ ንብዙሕነት ዘኽብር፣ ርግኣት፡ ፍትሕን ናጽነትን ከውሕስ ኣብ ዘኽእል ሓባራዊ መደብ ዕዮ ምስምማዕ ከምዘድሊ ውን ኣስሚሮምሉ።*

*ኣብ መወዳእታ፡ ኩሎም ተዛተይቲ ወገናት፡ ንመስርሕ ደሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ምርግጋጽ ኣወንታዊ ተራ ክጻወት ዝኽእል ኣድማዕን ግዙፍን ፖለቲካዊ ሓይሊ ንምምስራት ምእንቲ ክሕግዝ፡ ኣብ መንጎ ውድባት ዝግበር ርክባትን ዝምድናታትን ክሰፍሕ እምበር ክድረት ከምዘይግባእ ኣረጋጊጾም።*

*ተሳተፍቲ ኣኼባ፡-*

1. *ዓብዱራሕማን ጣሃ ኑር* (*ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ*)
2. *ኣድሓኖም ገብረማርያም* (*ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ*)
3. *ሓሰን ሰልማን* (*ኤርትራዊ እስላማዊ ጉባኤ*)
4. *መስፍን ሓጐስ* (*ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ*)
5. *ወልደሱስ ዓማር* (*ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ*)።